# ናይ ሕጊ ወኪል ኣብ ኢድንበርግ

Updated December 2011

Legal representatives – Edinburgh - Tigrinya

## ስለምንታይ ናይ ሕጊ ወኪል የድልየኒ?

ዑቕባ ሕታት ዝተሓልለኸ መስርሕ ክኸውን ስለዝኽእል ሕጋዊ ምኽሪ ክወሃበኩም መሰል ኣሎኩም።

ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝሓጸረ ጊዜ ናይ ሕጊ ወኪል ክትረኽቡ ከምእውን ሕጋዊ ዝኾነ ምኽሪ ክትቅበሉ **ኣዝዩ** ጠቓሚ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ነቲ ናይ ዑቅባ ሕቶኩም ዝድግፍ ሰነዳት ንምቅራብ ኣዝዩ ሓጺር ዝኾነ ግዜ ጥራይ ስለዝወሃበኩም እዩ።

ኣዝዩ ውሑድ ወይድማ ምንም ገንዘብ ዘይብልኩም ምስትኾኑ፤ ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ዝሕግዘኩም ናጻ ናይ ሕጊ ምኽሪ ክትቅበሉ ብቑዓት ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኩም። እቲ ናይ ሕጊ ኣማኻሪኹም ድማ ብዛዕባዚ መግለጺ ክግበኩም ከምእውን እንታይ ክግበር ከምዝከኣል ክሕብረኩም እዩ።

## ምስቲ ናይ ሕጊ ወኪልኩም ግልጺ ብምኧንን ብቕንዕናን ክትቀርቡ ይግባእ

ብዛዕባ ሓደሓደ ዘጋጠመኩም ነገራት ንምዝራብ ኣሸጋሪ ኮይኑ እኳ እንተረኸብክሞ፡ እቲ ናይ ሕጊ ወኪልኩም እንተደኣ ዘይፈሊጡ ምሉእ ብምሉእ ክሕግዘኩም ኣይክእልን እዩ። ከምእውን ምስቲ ናይ ሕጊ ወኪልኩም ብዛዕባ ኩሉ ነገር እንተደኣ ተዘራሪብኩም ኣብቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ጉዳይ ክሕግዘኩም ይክእል እዩ፡፡

## ሕጋዊ ምኽሪ ብኸመይ ክረከብ እኽእል

እዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ንሓደሓደ ኣብ ኢዲንበርግ ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ሕቶ ምክሪ ዝህቡ ናይ ሕጊ ወኪላት ኣድራሻ ዝገልጽ ሓበሬታ እዩ። ነዚ ዝርዝር ሓበሬታ እዚ ናይ ሕጊ ኣማኻሪ ንምምራጽን ከምእውን በዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣድራሻታት ንምውካስን ክትጥቀምሉ ትኽእሉ ኢኩም።

እዚ ዝርዝር ኣድራሻታትዚ ኩሉ ዘጥቓለለ ከምዘይኮነ ከምእውን ካልእ ናይ ሕጊ ወኪል ከምዘለዉ ክትዝክሩ ኣድላዪ እዩ። እንተደኣ ደሊኹም፡ ኣብዚ ታሕቲ ዘይተገልጹ ካልእ ናይ ሕጊ ወኪል ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኺም። ዝኾነ ናይ ሕጊ ትካል ወይድማ ናይ ሕጊ ወኪል ኣብዚ ምእታው ማለት ናይ ስኮቲላንድ ናይ ስደተኛታት ካውንሲል ነዞም ዝስዕቡ ካብ ካልእ ኣብሊጹ ይድግፍ ማለት ኣይኮነን። ናይ ናይ ስኮትላንድ ናይ ሕጊ ሕብረተሰብ ብስክሊ ቁጽሪ 0131 226 7411 ብምድዋል ካልኦት ናይ ሕጊ ወኪላት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ካብቲ ናይ ሕጊ ወኪልኩም ሕማቕ ምኽሪ ወይድማ ብቑዕ ዘይኮነ ኣገልግሎት ተቐቢለ እንተደኣ ትብሉ ኰንኩም፡ ናብቲ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ኮሚሽነር (OISC) ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ኣመላልኣ ጥርዓን ምሉእ ዝኾነ ሓበሬታ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታዚ ይርከብ፥ http://www.oisc.gov.uk

**ጥርዓን ብኸመይ ክትመልኡ ከምትኽእሉ**

ጥርዓን ምቕራብ ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ወይድማ ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድኩም ኣይጸልዎን እዩ።

ካብቲ ጠበቓ (ናይ ሕጊ ወኪልኩም) ሕማቕ ምኽሪ ወይድማ ብቑዕ ዘይኮነ ኣገልግሎት ተቐቢለ እንተደኣ ትብሉ ኰንኩም፡ ጥርዓን መጀመርያ ናብቲ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ኮሚሽነር (OISC) ጥርዓን ብጽሑፍ ከተቕርቡ ንሳቶም ድማ ነቲ ሽገር ንኽፈትሕዎ ኣርባዕተ ሰሙን ክትህብዎም ይግባእ።

ኣብ ኣርባዕተ ሰሙን ውሽጢ ጥርዓንኩም እንተደኣ ዘይተፈትሐ፡ ወግዓዊ ዝኾነ ጥርዓን ናብ ናይ ስኮትላንድ ሕጋዊ ጥርዓን ኮሚሽነር (Scottish Legal Complaints Commissioner) (SLCC) ብጽሑፍ ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ምጽሓፍ እንተደኣ ዘሸግረኩም ኮይኑ፡ ሓገዝ ክህብኹም በዚ ስ.ቁጽሪዚ 0131 528 511 ክትድውሉሎም ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብቲ ብጽሑፍ እተቕርብዎ ጥርዓን፡ እቲ ሽግር ብኸመይ ከምዝጸለዎኩምን ብኸመይ ክፍታሕ ከምእትደልዎን ብናትኩም ቃላት ብምግላጽ ብዝርዝር ከተቕርቡዎ ይግባእ። ከምእውን ነቲ ናይ ጽሁፍ ጥርዓንኩም ክትፍርምዎ ይግባእ።

ብዛዕባ ጥርዓን ብኸመይ ከምተቕርቡ ዝርዝር ሓበሬታ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታዚ ይርከብ፥
[http://www.scottishlegalcomplaints.org.uk/how-to-complain/complaint-form.aspx](http://www.scottishlegalcomplaints.org.uk/how-to-complain/complaint-form.aspx)

## ናይ ሕጊ ወኪል ኣብ ኢድንበርግ

**Ethnic Minority Law Centre**
103-105 Morrison Street
Edinburgh
EH3 8BX
ስ.ቁ፡ 0131 229 2038
ፋክስ፡ 0131 229 2039
Edinburgh@emlc.org.uk

**Drummond Miller**
32 Moray Place
Edinburgh
EH3 6BZ
ስ.ቁ፡ 0131 226 5151
ፋክስ፡ 0131 225 2608
dbrown@drummond-miller.co.uk

**McGill & Co**
34 Lochrin Buildings
EH3 9ND
ስ.ቁ፡ 0131 228 2083
ፋክስ፡ 0131 228 2133
vdouglas@mcgillandco.co.uk

**D Duheric & Co Solicitors**
23 Castle Street
Edinburgh
EH2 3DN
Tel: 0131 225 5444
Mobile: 07427049669
Skype: dduheric
Damir.duheric@dduhericsolicitors.co.uk
www.dduhericsolicitors.co.uk